www.xtrapapers.com

M15/1/AXTIG/SP1/TIR/TZ0/XX

Diploma Programme
Programme du diplôme
Programa del Diploma

# Tigrinya A: literature – Standard level – Paper 1
# Tigrigna A : littérature – Niveau moyen – Épreuve 1
# Tigriña A: literatura – Nivel medio – Prueba 1

Friday 8 May 2015 (afternoon)
Vendredi 8 mai 2015 (après-midi)
Viernes 8 de mayo de 2015 (tarde)

1 hour 30 minutes / 1 heure 30 minutes / 1 hora 30 minutos

---

### Instructions to candidates

- Do not open this examination paper until instructed to do so.
- Write a guided literary analysis on one passage only. In your answer you must address both of the guiding questions provided.
- The maximum mark for this examination paper is **[20 marks]**.

### Instructions destinées aux candidats

- N’ouvrez pas cette épreuve avant d’y être autorisé(e).
- Rédigez une analyse littéraire dirigée d’un seul des passages. Les deux questions d’orientation fournies doivent être traitées dans votre réponse.
- Le nombre maximum de points pour cette épreuve d’examen est de **[20 points]**.

### Instrucciones para los alumnos

- No abra esta prueba hasta que se lo autoricen.
- Escriba un análisis literario guiado sobre un solo pasaje. Debe abordar las dos preguntas de orientación en su respuesta.
- La puntuación máxima para esta prueba de examen es **[20 puntos]**.

2215–0667



© International Baccalaureate Organization 2015

International Baccalaureate
Baccalauréat International
Bachillerato Internacional

www.xtrapapers.com



ነቲ ሓደ ሌጣ ፅሑፍ ጥራሕ፣ ስነፅሑፋዊ ትንታነ ሃበሉ/ሃብሉ።

1.

“ኣንታ መድሃኔ ኣለም!” ወ/ሮ ርግበ ኣብታ መጎጎ ኣድሓነት ዝተተኽለትላ ክሽነ ኮይና እኽሊ እናኣረየት ትደጋግሞ ዝነበረት ምሉእ ሓሳብ'ዩ። መቐመጭኣ ኣብ ኩርሲ፡ እኽሊ ዝሓዘ ሰፍኢ'ውን ኣብ ኣስላፉ ኣጣጢሑ ነበረ። ኣእምሮኣ ግን ምስ ምንቅስቓስ እቲ እኽሊ ዝገላብጥ ዝነበረ ኣእዳዋ ብሓሳብ ይመላለስ ነበረ። ጸጺሓ “ኣንታ መድሃኔ ኣለም!” ምባል'ውን ኣየቋረጸትን። ኣብ መንጎ ብደገ ድምጺ ዝሰምዐት ስለዝመሰላ፡ “ንሱ'ዩ ዝኸውን፡ ንሱ'ዩ ኣንታ መድሃኔ ኣለም፡ እንታይ'የ ክብሎ ሕጂ'ኸ? በጃኻ እንዶ ኣንታ ጎይታይ ካብዛ መውስቦ እንዳ ተኽላይ ሰውረኒ።” ናብ ሰፍኢ ዝደነነ ክሳዳ ኣቐኒዓ ኣሕሾኽሽኸት።

ሰበይቲ ተኽላይ ንጽገ ጓላ ንመውስቦ ካብ ትሓትት፡ ጸጺሒሑ ዝደጋገም ትጽቢት ዝሓዘለ ‘ጓልኩም ሃቡና’ ዝብል ሕቶ ዓቕላ ኣጽቢቡላ ነበረ። ልዕሊኡ ክትጸሮ ዘይከኣለት ግና ንዝኾነ እትህቦ ምኽንያት ንምቅዋም ዘይጽገምን ንኣብያኣ ሰጊሩ መውስቦ ጽገ ጓሎምን ወዲ ተኽላይ ንምዕዋት ዘይስልኪ በዓል-ቤታ ኣቶ ተስፋዝጊ ነበረ። ኣቶ ተስፋዝጊ ብዓልቲ-ቤቱ ንዘቕረበቶ “ዓሌት ሰበይቲ ተኽላይ ንመውስቦ ዝሕረ ኣይኮነን።” ዝብል ምጉት ዝኾነ ሓቅነት ዘይብሉ ‘ድሑርን ከንቱን ምኽንያት’ ብምባል ኣይተቐበሎን። ኣብዛ ንግሆ “ኣነ ወዲኣ'የ፡ ንሰይቲ ተኽላይ ጽባሕ ናይ መወዳእታ መልሲ ክንህብ ኢና። ሓድሽ ትብልዮ እንተሃልዩ ሓሲብኪ ጽንሕኒ።” ኢልዋ ንዝትዓዝረ በዓል-ቤታ፡ “ጽገ ገና ንእሽቶ'ያ ዘላ።” ዝብል ምጉት ሒዛ ማዕረ ምእራይ እኽሊ “ኣንታ መድሃኔ ኣለም!” እናበለት ከተሰላስል ኣርፊዳ። እቲ ብደገ ዝሰምዓቶ ድምጺ ግና ከብዳ ዘሪጉ ሓሳባታ በታተነላ። ብዓቕሊ ጽበት ካብ መቓምጦኣ ተንሲኣ ገጽ ሰብኣያ ክትርኢ ናብ ማዕጸ ገጻ ብዝተወጠመት ግና፡ ብግርምብያለ ዝተሸፈነ ሰለፋ ብኢዳ እናጠብጠበት ብትሑት ድምጺ እናደረፈት ጽገ ከተፍ በለት።

“ልብኺ ትምሎኽ ልበይ'ኳ ኣሙሊቕክኒ” ወ/ሮ ርግበ ተጋንሐት። ኣብታ ሰዓት እቲኣ ምምጻእ ጽገ ካብ ምምጻእ ኣቶ ተስፋዝጊ ዝሓሸ ከምዝነበረ ብዝገመተት ግና ቀልጢፋ ተረጋግኤት። ነታ ድሮ ናብ ዝመጻትሉ ዓቢ ገዛ ክትምለስ ዝጀመረት ጓላ፡ “እስከ ንዒ ኮፍ በሊ ዝዛረበኪ ኣለኒ።” ኢላ ክትቅመጥ ኣዘዘታ።

[…]

“ግርም” ወ/ሮ ርግበ ከይተረድኣ ዘረባ ጀመረት። “ግርም ጽገ ጓለይ፡ ውሕልነት ድኣ እንታይ ይጎድለኪ ድዩ” ጽገ ኣንፈት ናይቲ ዘረባ ክትግምቶ ስለዘይከኣለት ንዝተረፈ ዘረባ ኣፍኣፍ ኣደኣ ኣቋመተት። “ነዚ መርዓ ገለ ኣንፈዶ ትገብርሉ ኣለኺ?” ብጎቦ ልባ ነቲ ዘረባ ሰንደወቶ።

“ምስ ወዲ ተኽላይ ድዩ?” መርዓ ብመርዕኡ ጽገ ዘይ ከም ናይ ኣደኣ ሓሳብ ምስ ወዲ ተኽላይ ክኾነላ'ያ ትመርጽ። ኣብ ኣዘራርባ ጽገ ‘ምስ ወዲ ተኽላይ እንተኾይኑ ደኣ ይምርየ እምበር’ ዘስምዕ ቃና ነበሮ። ወ/ሮ ርግበ'ውን ቆብ ኣበለቶ።

“ንሱስ ምስ ዝበልናኪ፡ እታ ሰይቲ ተኽላይ'ያ ደኣ ሞኽ ተብለና ዘላ እምበር።”

“እሞ ሕጂ'ኸ እንታይ ኢልኩማ?” ኣተሓትታ ጽገ ህንጡይነት ነበሮ።

“እዋይ ኣቦኺ'ኳ ንሃባ ጥራይ'ዩ ዝብል ዘሎ። ገና ቈልዓ'ያ ዘላ ኢለዮ'ኳ ክሰምዓኒ ኣይከኣለን'ምበር ኣነስ ትመሃር ኢለዮ። ካብቲ ዝበለቶ ዝያዳ ክትብሎ ትሓስቦ ዝነበረት'ያ ትነግራ ኔራ። “ኢሂ'ሞ ጽገ ጓለይ ትምህርቲ'ዶ ይሕሸኪ?”

ጽገ ኣይመለሰትን። ብውሽጣ ግን ምስ ሕልንኣ ኣብ ዕላል ተጸምደት። ኣብ ትምህርቲ ምጽናሕ ንዓኣ ብምጥማቱ ዝተሓጎሰትሉ በረኸት ክሳብ ዝመስል ጥራይ እምበር ካልእ ቁም ነገር ከምዘይነበሮ ተሰዊጥዋ ዝን በለት። ድሕሪ ገለ ስቕታ ግና፡ “ኣንቲ ኣደ እዚ ኣያ ተኽላይ'ሲ ዓርኪ ኣቦይ እኮ'ዩ ዝነበረ። ዘይፈላለዩ'ኳ ዝነበሩ። ንዓይ ከኣ ጉድ'ዩ ክፈትወኒ፡ ሓደ ግዜ'ኳ ጎልፎ ገዚኡለይ ኔሩ፡” ናይ ቁልዕነት ደረት ብዘይሰግር ላዛ ክትዛረበት ጀመረት።

“ይፈትወኪ እወ ጽገ ጓለይ! ኣይ ጓሉ ማለት እንዲኺ።” ወ/ሮ ርግበ ኣሕጺራ መለሰት።

“ሓደ ግዜ ከኣ ሳእኒ ገዚኡለይ ኔሩ።”

“ኣንቲ ጽገ ጓለይ እሞ ንወዱ ይደልየኪ ኔሩ ይኸውን።” ወ/ሮ ርግበ ቅጭ ዝመጻ መሰለት።

“እሞ እንታይ ደኣ ኣቢኸዮም ኣንቲ ኣደ?”

“ሰውረኒ” ወ/ሮ ርግበ ሰንበደት። “ትሩፍ ጽገ ጓለይ! ወረ ካልእ ደሓን ትምህርትኺ'ኸ?”

“ዋላ ተመርዕየ ምቐጽልክዎ።”

“እሞ ኣነ ደኣ መሲሉኒ ኣፊይ እንድኣለይ ዘርስሕ ዘለኹ። በሊ ደሓን እዛ ጓለይ ኪዲ'ሞ ጉዳይ ስፊኺ ግበሪ” እናተበሃሃላ ኣቶ ተስፋዝጊ ህሩግ በለን። መጀመረታ ናብ ጽገ ጸኒሑ ናብ

www.xtrapapers.com



ብዓልቲ ቤቱ ጠሚቱ ኣብ ኣፍደገ ተገቲሩ “ግርም! እምበኣር ነዛ ቈልዓስ ትሓባብልያ ኣለኺ! እንታይ ደኣ ትብልያ ኣሎኺ?” በለ። ወ/ሮ ርግበ ነታ በተግ ኢላ ናብቲ ዓቢ ገዛ ትኸይድ ዝነበረት ጓላ ብዓይና ኣፋንያ ነቲ ኩነታት ገምጊማ ብልዙብን ዝልምንን ቃና፡ “ኣንታ ተስፋዝጊ ሓወይ . . . ኣዋልድ ድየን ተሳኢነን ሰይቲ ተኸላይ ነዛ ጓልና ጥራይ ጠሚታ። ዓይና ዓዊራ'ምበር እዛ ቈልዓ ክትመሃርን ክትበስልን እንተበልና ናትና ድሌት'ዶ ኣይኮነን ክቕድም ዘለዎ። ንስኻ ኸኣ ክትሕግዘኒ'ዩ ዝግበኣካ እምበር በይነይ ደኣ ኣበይ ክበጽሕ እናርኣኻያ መዓንጣ ዘይቆጸረት ቈልዓ።” ብዝምሕጸኑ ኣዒንቲ ጠመተቶ። ካብ ኣቶ ተስፋዝጊ ግና ዝደለየቶ ተደናጋጽነት ኣይረኸበትን።

“እህ . . . ጉዳይ ዓሌት ተስፋ ምስ ሰኣንኪ'ምበኣር ነዛ ዘዕበኽዋ ቈልዓ ከም ዘይፈልጣ 'ንእሽቶ'ያ' ኢልኪ ከተዐሽውኒ ደሊኺ። ካብዚ ንላዕሊ እሞ እንታይ ክጽበየኪ? ዓሰርተ መዓልቲ እንተጸኒሐ ዓሰርተ ምኽንያት ክትኣልሚ ክትቕንዪ ኢኺ። ሕጂ ግና ጽባሕ ናይ መወዳእታ መልሲ ክህቦም ሰይቲ ተኸላይ፡ ሓዎቦታቱ ነቲ ቖልዓ ክትልእኽ'ያ። ርኸቡ ኣይትስኣኑ ክብሎም'የ ከኣ። ዕንቅፍቲ ዘረባ ገዲፍኪ ከምቲ ኣደ ትገብሮ ግዳ ዘይትመኽርያን ዘይተዳልዊያን።” ኢሉ ብግስ በለ።

ጓላ ኣብታ ህሞት ትምርያ ዝነበረት ኮይኑ ዝተሰምዓ ወ/ሮ ርግበ ግና “ብመድሃኔ ኣለም!” ኢላ ክልተ ኣእዳዋ ንየማነይቲ እግሩ ዓትዒታ ኣብ መሬት ፈፈዉ በለት። “ብመድሃኔ ኣለም፡ ተስፋዝጊ ሓወይ እቶም ሽማግለ ኣይምጽኡ! ንሰይቲ ተኸላይ ሒዝካለይ ምጻእ ባዕለይ ከረድኣ'የ።”

“ኣንቲ እንታይ ኢኺ ትብሊ? እንታይ ክትብልያ ኢለ'የ ሒዘያ ዝመጽእ?”

“ደሓን ትምጻእ ደኣ ምህረይ ገብረስላሴ'ውን ይምጽኡ፡” እግሩ ከይፈነወት ዓይኒ ዓይኑ እናጠመተት ብምሕጽንታ ተዛረበት። ዘረባኣ ገለ ከተተምብሆ ዝደለየት ቁም ነገር ከምዝነበራ ዘመልክት ነበረ።

“ኣየ ንስኺ ዘይምነወኪ።” ኢሉ እግሩ ብምስሓብ “ክሊ ግዳ ዝበልኩኺ ግበሪ። ሰበይቲ ተኸላይ ትብጽሓኩም ምስበልናያ ውራይ ምድላዋትክን ምስ ጀመርክን'ያ ትመጽኣኪ። ኣቦይ ምህረይ ገብረስላሴ ከኣ ዝባረኽ ጸበል ክሳብ ዘይገበርና ምምጽኦም ኣየድልን'ዩ። ትብልዮ ተሃልዩ ግና ሕጂ ተዛረቢ።” ኣጉባዕብዓላ። ወ/ሮ ርግበ ግና ብምጉብዕባዑ ከይተዳህለት ክትገብሮ ዘለዋ ሓሰበት። ኩሉ ክትብሎ ትደሊ ምንጋሩ ዝሓሸ ኮይኑ ስለዝተሰምዓ ድማ መልሓሳ ከተጣዓዕምን ቃላት ክትሰርዕን ጀመረት። ንብዓት እንተዘይቅድማ ከኣ ነቲ ረስኒ ፈጢሩ ዝህውኽ ዝነበረ ሓሳባት ከተንቱግ ኣይምደንጎየትን። ግን ኣብ መወዳእታስ ተዛረበት ደኣ። “ኣነን ተኸላይን ሕማቕ ውዒልና ተጋጊና ኢና፡ ጽገ ከኣ ጓል ተኸላይ'ያ – ሓብቲ በረኸት።” በደሉ ከምዝእመን ህጻን ኣቕባሕብሐት።

ዘረባኣ ዝሰምዕ ዝነበረ ብዓልቤታ ግን ዝተረዳኦ ኣይመስልን። ምናልባት ዘይተረድኦ ከይከውን ብምሕሳብ'ውን “ተኸላይ ጸር'ዩ ገዲፉለይ ከይዱ። ሃንደበታዊ ሞቱ ክንዮ ንእስነቱ ኣደራዕ'ዩ ኮይኑኒ።” በለት።

“ከምኡ ኣይኮነን።” ሃንደበት ኣቶ ተስፋዝጊ መለሰ። “ወዮ ድኣ ኣነ'ውን እንታይ ዓኒዱኒ ኣይፈለጥኩን እምበር ንበረኸትን ጽገን ብድፉኑ ስቕ ኢልካ ከተዋስቦም ዝከኣል ኣይኮነን።” ነገሩ ንወ/ሮ ርግበ ደንጸዋ። ብኣዘራርባ ብዓልቤታ ክብደት ናይቲ ትናስሓሉ ዝነበረት በደል ምግማቱ ኣጸገማን። መርዓ ጽገን በረኸትን ከምዝተርፍ ግን ተስፋ ገበረት። ኣቶ ተስፋዝጊ ዘረብኡ ቀጸለ።

“ተኸላይ ቅድሚ ምማቱ እቲ ነገር ሓቢሩና'ዩ። የግዳስ ኣነ'ውን ምስ ብዓልቲ ቤቱ ተጋግየ ኔረ እየ። ስለዚ በረኸት ወደይ ምዃኑ እዩ። ንተኸላይ'ውን ተናሲሐሉ እየ። እዚ መውስቦ ከኣ ነቲ ዝሞተ ዓርከይ'ውን ኣብ መቓብሩ ከሎ ዘቕስንን ነዞም ክልተ ቈልዑ ሓደ ዝገብርን'ዩ። ስለዚ ዓበይቲ ሓዊስና ክሳብ ንዘራረበሉ ጓልኪ ንበረኸት ወደይ ሃብኒ እየ ዝብለኪ ዘለኹ።”

ወ/ሮ ርግበ ትዛረቦ ጠፍኣ። ብነብሰ ወቐሳ ዘቕባሕብሓ ዝነበራ ኣዒንታ ብነድሪ ፈጠጣ። ብድሕሪ'ዚ ካብ ብዓልቤታን ሰበይቲ ተኸላይን ዝሰምዓ ጸቕቲ ኣይነበረን። ከም ወራዙት ሓሲባ ትስከፎም ዝነበረት ሰባት ቅድሚኣ ጸበል ብዕልግና ዝተቛደሱ ምዃኖም ምስ ፈለጠት ኣብ ክልቲኦም ዝነበረ ሰብኣዊ ግምታ ለቐጥ በለ። ካብ ብዓልቤታ ተፈንቲታ ከኣ ኮዶብ ኮዶብ እናበለት ንደገ ወጸት። ብሕዙን ልባ ድማ ነቲ ዘይተርፍ መርዓ ወዲ ሰብኣያ በረኸትን ጽገ ጓላን ብሓሳብ ከተሰላስ ጀመረት።

ብዮሃንስ ክፍለ፥ *ሰውረኒ* (1998)

(ሀ) ንኡሳት ቴማታት እዚ ዕሑፍ፣ ብፍላይ ድማ ምስ ልምዳዊ ሓዳር መሰረት ጌርካ፣ ኣብነት ብምሃብ ዘትይ።

(ለ) እቲ ደራሲ ቀንዲ ቴማታት ናይቲ ጽሑፍ ንኽማዕብል ዝተገልገለሎም ባእታታት ስነጽሑፍ (ንኣብነት፥ ምስላዊ ወይ ስእላዊ ኣዘራርባታት፥ ሰባይ ወይ ድግግም ቃለትን ሓረጋትን) ኣብነት እናሃብካ ዘርዝር።

www.xtrapapers.com



**2.**

## ኣፍሪቃ

ቅናት ዓለም ዓጢ.ቓ
ብብዝሒ ኣግራባት ጽዒ.ቓ
ብእንስሳ ዘገዳም መልኪዓ
ብጽባቐ ተፈጥሮ ተኾሊዓ።
ጥንቲ ብጊሓት ተበጊሳ
ቅድሚ ሃገራ ሰጕማ
ዓለም ገና ብድቁሳ
መሰረት ዕቤት ተሊማ።
ናይ ኑብያ ምስሪ ኣኽሱም
ንቕያ ዘበሉ ምዕባለታት
ናብ ሰማይ ገጾም ዝውርወሩ
መስተንክራዊ ሓወልትታት።
ከስዐ ኣኽራናት ዝስርስሩ
ተኣምራታዊ ግንብታት
ንሰብውን ዝኣክል ፍጥረት
ንዓለም ከምዘይወፈየት።
እንታይ ኮን መርገማ ኣፍሪቃ?
ሎሚ ክትሓዝን ብደቃ?
ዝናኣ ናይ ጥንቲ
ትሕቲ መሬት ተቐቢሩ
ገሊኦም ደቃ ከዓ ግና
ይሰራሰሩ ኣብ ዝባና
ብፍቕሪ ንዋይ ሰኺሮም
ኣሕሊፎም ሂቦማ ንጓና
ብህልኽ ዓዊረን የዒንቶም
ይቕይርዎ ናብ ዑና
ንእሙናት ደቃ ሓንኳሎም
ኣይሰርሑ ኣየስርሑ
ብውድቀታ ተሓጒሶም
ምስ ጸላእታ እናጨርሑ
ሓደራ ህዝቢ ረሲዖም
ናብ ጥፍኣት ይመራርሑ።
ግናስ [...]
ኣሕሲቡኒ ጸበባኣ
እሓዝን እሞ ብሎሚ
ዝሓለፈ ቅያኣ
ይዝከረኒ እቲ ዓሚ።
ንጽባሕ'ውን ይጥምታ።
ምስ ዘይቅህም ሃንቀውታ
ናይቲ ከቶ ዘይመውት
ብዝሓለፈ መግዛእቲ
ህዝባ ተደናጊሩ
ዝተዓደላ ሃብቲ
ብኀሓሉ ተኀርጒሩ
ገሊኦም ደቃ ስግር ባሕሪ
ባርነት ኣትዮም ብኸትሪ
እኖና እናበሉ ሓሊፎም

www.xtrapapers.com



ንፋስ መሬቶም ሓሪሙዎም
ዝነቕሓ ደቃቶም ብሃንቀውታ
ብናፍቖት ብሃረርታ
ናብኣ ገጾም ይጥምቱ
ናብ መበቆሎም ይቋምቱ
ተሪር መንፈሳ መረዳእታ
ናይ ውሑዳት ደቃ ሓልዮት
ናይ ድኹም ልባ ትርግታ።
ኣብ መንጎ'ቲ ድቕድቕ ጸልማት
ይርኣየኒ ብልጭታ
ስለዚስ ገና ኣይቀብጽን
ንትንሳኤ ናታ ይትስፎ
ንድኹም ጎና ክፅግን
ንጸገማታ ክገፎ
ዳግማዊ ዕብየታ ከሰስን
ነዚ ጸበባ ክትሓልፎ።

ኪሮስ ብርሃነ፥ *ኣፍሪቃ* (1993)

(ሀ) ዝበዝሑ ግጥምታት፥ ናይ ሓደ ገጣሚ ሕወታዊ ተጓንፎታትን ተሞክሮታትን ንምርዳእ በዝኸእል መንገዲ፥ ከመይ "መፈለምታ" ካብቲ "መወዳእታ" ከምዝፍለ የርእዩ። ኣብዚ ግጥሚ ዘሎ ናይ ቋንቋ ፥ ናይ ስምዒት ፥ ወይውን ናይ ባህርይ ለውጢ (እቲ ታሪኽ ካብ ዘሕዝን ናብ ዝሕጉስ ወይድማ ብግልባጡ) ፥ ብኸመይ ከምዝተገልፁ ኣብነት ብምሃብ ዘትይ።

(ለ) እቲ ደራሲ ዝተፈላለዩ ስነግጥማዊ መይላታት ተቒሙ ከሕልፎም ዝደለየ ምልእኽቲ ኣብነት እናሃብካ ዘርዝር።